ትካልና ዩናይትድ ስቲልን ሜታል ኢንዳስትሪ ሓ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ ናይ ሓፂን መፂን ናይ ስራሕ ዘርፊ ዝተሰማረየ ትካል እንትከውን ካብዚ ንታሕቲ ተዘርዚሮም ንዘለው ተረፈ ምህርቲ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 23, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 7, 2017 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 7, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ጨረታ ተረፈ ምህርቲ

ትካልና ዩናይትድ ስቲልን ሜታል ኢንዳስትሪ ሓ/ዝተ/ው/ማሕበር ኣብ ናይ ሓፂን መፂን ናይ ስራሕ ዘርፊ ዝተሰማረየ ትካል እንትከውን ካብዚ ንታሕቲ ተዘርዚሮም ንዘለው ተረፈ ምህርቲ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

ዓይነት ንብረት

1. ናይ ስሊትንግ ተረፈ ሓፂን = 1000 kg

2. ተረፈ ምህርቲ ትቦ ሓፂን (B-rade) = 308 kg

3. ናይ ጥረ አቅሓ መዓሸጊ ሸፋንን ቁርፅራፅን ላሜራን =1600 ኪ.ግ

4. ዘገልገለ በረሚል ሓፂን =25 ብቁፅሪ

5. ዘገልገሉ ዓበይቲ ጎማታት 34 ብቁፅሪ

6. ዘገልገሉ ኣናእሽቲ ጎማታት 28 ብቁፅሪ

መብርሂ

ስለዝኮነ ድማ ሕጋዊ ፍቃድ ዘለዎ ትካል ወይ ግለሰብ ክገዝኣሉ ዝኽእል ዋጋ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፅኡሉ ዕለት 22/5/2/2017 እስካብ 5/6/2017 ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብስም ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኣብ ቢሮና ብምምፃእ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ብዝተዳለወ ሳንዱቕ ውሽጢ ምእታው ይኽእሉ እዮም።

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ

1. ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድን ቲን ቁፅርን ኦርጅናልን ዘይምለስ ኮፒን ከምፅኡ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

2. ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ካብ ዋና ቢሮ ላጪ መፂእኹም ምውሳድ ትኽእሉ ኢኹም፣

3. ተጫረቲ ሰነድ እንትወስዱ ንጨረታ ዝቐረበ ተረፈ ምህርቲ ብኣካል ምርኣይ ይኽእሉ እዮም

4. ተሳተፍቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 10,000/ዓሰረተ ሽሕ/ ሲፒኦ (CPO) ብትካልና ሽም United Steel and Metal Industry p / plc ዝተዳለወ ከትሕዙ ይግባእ።

5. እቲ ጨረታ ብዕለት 5/6/2017 ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ ሰዓት በቲ ዕለት 3:30 ይኸፈት

6. ናይቲ ጨረታ ሰዓራይ ምስተፈለጠ ኣብ ውሽጢ 5(ሽውዓተ) መዓልትታት ዝሰዓሮ ንብረት ሙሉእ ከልዕሎ ይግባእ።

7. ሰዓራይ ውዕሊ እንትኣስር ናይቲ ጨረታ ጠቕላላ ዋጋ 10% ብትካልና ሽም ሲፒኦ(CPO) ከትሕዝ

ኣለዎ።

8. እቲ ጨረታ ሰዓራይ ንብረት ክርከብ ከሎ ናይ ሚዛን፣ መፅዓኒ፣ መራገፍን ክፍሊት ባዕሉ ይፍፅም

9. እዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ዘሎ ንብረት መጠን ክውስክን ክንክን ስለዝክእል እቲ ዓዳጊ በቲ ኣብ ሚዛን ዝርከብ መጠን በቲ ዝሰዓሮ ከልዕል አለዎ።

ትካልና ዝሐሸ አማራፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle